## ዳዊት 84

1 ዎ ጐይታ ሰራዊት፣ ማሕደራትካ ኽንደይ ባህ ዜብላ እየን።
2 ነፍሰይ ንኣጸድ እግዚአብሄር ትናፍቖን ሃረር ትብሎን ኣላ፣ ነፍሰይን ስጋይን ንህያው ኣምላኽ እልል
ይብላሉ።
3 ዑፍ እኳ ቤት ረኸበት፣ ለኻዅቶውን ጨጨዊታ እተንብረላ ቤት ረኸበት፣ መሰውኢታትካ፣ ዎ
ጐይታ ሰራዊት፣ ንጉሰይን ኣምላኸይን።
4 አብ ቤትካ ዚነብሩ ብጹኣን እዮም፣ ኲሉ ጊዜ ይውድሱኻ።
5 ሓይሎም ብኣኻ ዝኾነ፣ ብልቦም ንመገድኻ ዚሐስቡ ሰባት ብጹኣን እዮም።
6 ብለሰ ብኽያት ኪሐልፉ ኸለዉ፣ ዓይኒ ማያት ይገብርዎ፣ ዝናም አዝመራውን ብበረኸት ይኸድኖ።
7 ካብ ሓይሊ ናብ ሓይሊ ይኸዱ፣ አብ ጽዮን አብ ቅድሚ ኣምላኽ ይቜሙ።
8 ዎ እግዚአብሄር ኣምላኽ ሰራዊት፣ ጸሎተይ ስማዕ። ዎ አምላኽ ያእቆብ፣ ጽን በል
9 ኣታ ዋልታና ዝኾንካ ኣምላኽ፣ ርኤ፣ ገጽ ቅቡእካውን ጠምት።
10 ካብ ሽሕሲ ሓንቲ መዓልቲ አብ አጸድካ ትሐይሽ እያ እሞ፣ አብ ድንኳን ረሲአን ካብ ምንባርሲ አብ
ቤት ኣምላኸይ ሓለው ደገ ምኳን ይሔሸኒ።
11 እግዚአብሄር ኣምላኽሲ ጸሓይን ዋልታን እዩ እሞ፣ እግዚአብሄር ጸጋን ክብርን ይህብ፣ ነቶም
ብቕንዕና ዚመላለሱ ሰናይ ዘበለ ኣይኸልኦምን እዩ።
12 ዎ ጐይታ ሰራዊት፣ ኣባኻ ዚውከል ሰብ ብጹእ እዩ።

## ሮሜ 12

1 እምብኣርሲ ኣሕዋተየ፡ ንስጋኹም ህያውን ቅዱስን ንኣምላኽ ባህ ዜብልን መስዋእቲ ጌርኩም
ከተቕርብዎ፡ ብምሕረት ኣምላኽ ኣምዕደኩም ኣሎኹ፡ እዚ ማለት እቲ ናይ ኣእምሮ መንፈሳዊ
ኣገልግሎትኩም እዩ።
2 እቲ ሰናይን ባህ ዜብልን ምሉእን ፍቓድ ኣምላኽ እንታይ ምኳኑ ምእንቲ ኽትምርምሩስ፡
ብምሕዳስ ሓሳብኩም ተለወጡ እምበር፡ ነዛ ዓለም እዚኣ ኣይትምሰልዋ።
3 ከምቲ ኣምላኽ ንነፍሲ ወከፍ ዝዓደሎ መስፈር እምነት ገይሩ ደኣ፡ ብዛዕባ ርእሱ ብልክዕ ይሕሰብ
እምበር፡ ካብቲ ዚግብኦ ኣዕዚዙ ኸይሐስብሲ፡ ንነፍሲ ወከፍ ኣብ ማእከልኩም ዘሎ፡ በቲ እተዋህበኒ ጸጋ
እብሎ ኣሎኹ።
4 ከምቲ ኣብ ሓደ ስጋ ብዙሕ ኣካላት ዘሎና እሞ፡ ብዘሎ ኣካላት ከኣ ተግባሩ ሓደ ዘይኮነ፡
5 ንሕና ብዙሓት ከኣ ከምኡ ብክርስቶስ ሓደ ስጋ ኢና፡ በብሓደ ግና ነንሓድሕድና ኣካላት ኢና።

## ሉቃስ 2

41 እቶም ወለዱ ንበዓል ፋስጋ በብዓመት ናብ የሩሳሌም ይኸዱ ነበሩ።
42 ንሱ ወዲ ዓሰርተው ክልተ ዓመት ምስ ኮነ ኸኣ፡ ከምቲ ስርዓት በዓል ናብ የሩሳሌም ደየቡ።
43 እተን መዓልትታት ኣእኪሎም ኪምለሱ ኸለዉ ኸኣ፡ የሱስ፡ እቲ ቈልዓ፡ ኣብ የሩሳሌም ተረፈ።
ዮሴፍን ኣዲኡን ግና እዚ ኣይፈለጡን።
44 ምስ ሰብ መገዲ ዘሎ መሲልዎም፡ መገዲ ሓንቲ መዓልቲ ኸዱ፡ ኣብ ኣዝማዶምን ኣብ
ዚፈልጥዎምን ከኣ ደለይዎ።
45 ምስ ሰኣንዎ ኸኣ፡ ኪደልይዎ ናብ የሩሳሌም ተመልሱ።

46 ኰነ ድማ፡ ድሕሪ ሰለስተ መዓልቲ ኣብ ቤተ መቕደስ ኣብ ማእከል መምህራን ተቐሚጡ
እናሰምዖምን እናሐተቶምን ረኸብዎ።
47 ዝሰምዕዎ ዘበሉ ኸኣ በቲ ምስትውዓሉን ምላሹን ተገረሙ።
48 ምስ ረኣይዎ ድማ ሰምበዱ። ኣዲኡ ኸኣ፡ በል ወደይ፡ ስለምንታይከ ኸምዚ ገበርካና፧ እንሆ፡ ኣቦኻን
ኣነን እናጕሄና ንደልየካ ኔርና፡ በለቶ።
49 ንሱ ኸኣ፥ ንምንታይሞ እትደልዩኒ፧ ኣብቲ ናይ ኣቦይ ዘበለ ክኸውን ከም ዚግብኣኒዶ ኣይትፈልጡን
ኢኹም፧ በሎም።
50 ንሳቶም ግና ነዚ ዝበሎም ዘረባ ኣየስተውዓልዎን።
51 ምስታቶም ወሪዱ ናብ ናዝሬት መጸ፡ ይእዘዞምውን ነበረ። ኣዲኡ ድማ ነዚ ዅሉ ነገር ኣብ ልባ
ተዋህሊሉ ነበረት።
52 የሱስ ከኣ ኣብ ቅድሚ ኣምላኽን ሰብን ብጥበብን ብቑመትን ብጸጋን ዓበየ።